Region Uppsala

# ሕጂ ውሉድካ ኣንጻር ኮቪድ-19 (Covid-19) ከተኸትበሉ ዘሎካ ግዜ ኢዩ

ኮቪድ-19 (Covid-19) ሓደገኛ ክኸውን ዝኽእል ሕማም ኢዩ። ቈልዑ እውን ከይተረፉ ብኸቢድ ኪሓምሙ ይኽእሉ እዮም ። ካብ 12-15 ዝዕድሚኦም ሰባት ክኸተቡ ይኽእሉ ኢዮም። እዚ ኽፍሊ እዚ ጽቡቕ ዕቑባ ይህብ ኢዩ ከምኡዉን ንቈልዑን ንዓበይትን ድሕንነት ኣለዎ ። እቲ ክታበት ነጻ እዩ። ውሉድካ ብዘይ ወላዲ ናብቲ መኸተቢ ቦታ እንተ መጺኡ፡ ንሱ/ንሳ ክልተ እተመልአ ፎርም ኬምጽእ ኣለዎ ።

## ናብ ድሮፕ-ኢን ማእከል ወይ ቖጸራ ሓዝ

ኣቐዲምካ ቖጸራ ምሓዝ ኣየድልየካን እዩ። ኩለን ናይ ክታበት ክሊኒካት ንድሮፕ-ኢን ክፉታት ኢየን። ናይ መኽፈቲ ሰዓታት ርአ 1177.se.

እንተደሊኻ፡ ንስኻን ዉሉድካን ቖጸራ ኣብ ክትሕዝ ትኽእል ኢኻ 1177.se. ቌጸራ ምእንቲ ኽትገብር ብ018-6173500 ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

እቲ ክታበት ንኽሰርሕ፡ እቲ ቈልዓ ኽልተ ዓቐን ናይቲ ክታበት ኺወስድ ኣለዎ ። ሲርካ ቕድሚ እቲ ኻልኣይ ዓቐን ኣርባዕተ ሰሙን ክሓልፍ ኣለዎ ።

## ነቲ ፎርም መሊእካ ምሳኻ ኣምጽኦ

ነቲ ክታበት ንምዉሳድ፡ እቲ ቈልዓ ናይ ጥዕና ኣዋጅ ክመልእ ኣለዎ ። እቲ ናይ ጥዕና ኣዋጅ ኣብቲ ናይ ክታበት ክሊኒካት ይርከብ እዩ፡ እንተኾነ ግን ኣብዚ ተሓቲሙ ዘሎ ይርከብ እዩ።

እቲ ቈልዓ ብዘይ ወላዲ ናብ ክታበት ክሊኒክ እንተ ኸይዱ፡ ንሱ/ንሳ ናይ ፍቓድ ፎርም ከምጽእ ኣለዎ ። ሓደ ወይ ክልቲኦም ሕጋዉያን ወለዲ ናይቲ ቈልዓ ኺፍርምዎ ኣለዎም። ናይ ፍቓድ ፎርም ኣብዚ ኣሎ.

ከም ወላዲ መጠን ንውሉድካ እንተ ኣሰኒኻዮ፡ ናይ ፍቓድ ፎርም ከተምጽእ ኣየድልየካን እዩ ።

## ሓቅታት ብዛዕባ እቲ ክታበት

ሽወደናዊ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ብዛዕባ እቲ ኣንጻር ብዛዕባ እቲ ኣንጻር ኮቪድ-19 (Covid-19) ዝግበር ክታበት ዚገልጽ ዝያዳ ሓቅታት ዝሓዘ እዩ። ዝኾን ሕቶታት እንተ ኣልዩካ እውን 018-6174540 ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

**Smittskyddsenheten**

Dag Hammarskjölds väg 60 | 751 85 Uppsala | tfn vx 018-611 00 00 | fax 018-55 29 01 | org nr 232100-0024

www.regionuppsala.se